


መንዮም ዲሞክራሲ ሰልፍታት ዝብሉ
ሪፈረንዶም ክንገብር ምሳና ዘይወዓሉ
ንኤርትራዊ ናጽነት ምቕባል ዝሓከሉ
ንምታይ ሕጂ ብስም ሰልፊ ዝቕልቀሉ

ኣብ ዓለምና እንታይ ለውጢ ተረኺቡ
ኣብተን ዝማዕበላ ኣየናይ ዕምባባ ዓምቢቡ
እቲ ብዙሕ ህዝቢ ብጥሜት ክነብር ተኸቢቡ
ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ኮይኑ ናብራ ጸቢቡ

ካብ ብዙሓት ንሓደ ድምጸይ ኣንቢረ
ግዙእ ባሪያ ኮይነ እንዳጠዓመኒ መሪር ዔረ
ይነብር ኣለኹ ንታሕቲ ወሪደ ተቐርቂረ
ክብሉ ኩልግዜ እንዳሰማዕና ሰብ እንዳማረረ

መሰል ደቂ ሰባት ብኹሉ ተኸቢሩ ዝነብር
ኣበየነቲ ሃገር ርኢና ብጣዕሚ ጽቡቕ ነገር
ንመልከተን ግሪኽ ፓለስቲና ኣሜሪካን ሃገር
ሰላምን ፍቕርን ጠፊኡ በዚሑ ዕግርግር

ዲሞክራሲ ኣብ ዒራቕ ኣሎኢሎም ይነግሩና
ሰባት ክመቱ ክቖስሉ ኣብጽርግያ ጎደና
ዓሌትነት ሰልፍታት በዚሑ ስኢኖም ጥዕና
ንኸምዚ ፍልልይ ዝዕድም መንዩጽቡቕ ዝብለና
ፍጡር ናይዛ ዓለም ወይስ ደቂ ሕድርትና

ምዕራባውያን ብዙሕ ክፍኣትዩ ሕልሞም
ንየኦም ዘገልግሉ ውልቀ ሰባት መልሚሎም
ንሓደ ዝእምነቱ ህዝቢ መቒሎም መቓቒሎም
ዲሞክራሲ ይጭርሑ ምእንቲክበልዑ ንበይኖም

ብስም ዲሞክራሲ ቁጽሪ ሰልፍታት ምብዛሕ
ንሓድነትና ዝፈላሊ ዝፍልስፍ ዝቐድሕ
እምነት ሃገር ዘይብሉ ዘይፈልጥ ከምዝወግሕ
ንዕብየት ሃገርና ዘይሓስብዩ ንመጻኢ ንነዊሕ

ናህና ናይ ደቂ ኤረ ፍጡራት እምነት ባህግና
ምስዋርሳይ ክንሰርሕ ክንሃንጽ ተጠርኒፍና
ህዝብና ክጸግብ ራህዋ ሰፊኑ ክበዝሕ ጥዕና
ሓደ ልቢ ሓደ ደም ሓደ ሃገርዩ ራእይና
ንሓቂ ክንምእዘዝ ክነኽበር ሕድርና

ዓወት ንሓፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል
15-04-09